Australian Government

COVID-19 VACCINATION

# ብዛዕባ COVID-19 ክታበታት ብኸመይ ጌርካ ንሕጻውንቲ ክተዘራርብ ከምዝኻኣል

እዋናዊ ዝኾነሉ: ዕለት 8 ነሐሴ/August 2022 ዓ.ም

ብተወሳኺ ዕድሚኦም ካብ 6 ኣዋርሕ ክሳዕ 4 ዓመት ንዝኾኑ ግጻውንቲ እሞ ከቢድ ናይ ሕማም ምክልኻል ኣቕሚ ሓይሎም ዝተዳኸመ፤ ወይኻዓ ናይ ኣካል ጉድለት ንዘለዎም ሓደሓደ ሕጻውንቲን ከምኡ'ውን ንከቢድ COVID-19 ጸገም ምውሳኽ ንዘቓልእ ዝተወሳሰበን ወይኻዓ ብዙሕ ጸገም ንጥዕና ንዘለዎም ሕጻውንቲ ክታበታት ንክወስዱ ይሕበር እዩ። ናይ ውላድኻ ምሽቓልን ብዛዕባ COVID-19 ክታበት ብዙሕ ሕቶታት ምድላው ልሙድ እዩ። ውላድኻ ቕድሚን ድሕሪ ነቲ ክታበት ምውሳድ ምዝርራብ ጠቓሚ ክኸውን ንዝኽእሉ ሓደሓደ ምኽሪ ሓበሬታ በዚ ከምዝተዳለወ እዩ።

ኣብ ድረገጺ Department of Health and Aged Care ወብሳይቲ ብቐረባ ግዘ ንዝወጸ ናይ ሕክምና ምኽሪ እንዳፈለጥካ ምጽናሕ ኣገዳሲ እዩ።

ከምኡ'ውን ብዛዕባ COVID-19 ክታበት ንምውሳድ ዘተሓሳስብ ዝኾነ ጉዳይ ወይኻዓ ሕቶታት እንተሃልዩካ፤ ውላድኻ ቕድሚ ነቲ ክታበት ምውሳዱ ምስቲ ናትካ ክታበት ዘዳለወ ሰብ ወይኻዓ ምስናትካ ሀኪም ክትዘራረበሉ ትኽእል።

ውላድካ ብዛዕባ ክታበት ምውሳድ ንዘለዎም ምላሽ ጽን ኢልካ ምስማእን ንዘለዎም ዝኾነ ፍርሒ ተቐባልነት ምሃብ ጠቓሚ እዩ።

- ብዛዕባ COVID-19 ክታበት ክሳብ ሕጂ እንታይ ከምትፈልጥ ክትነግረኒ።
- ቕድም ክብል ክታበት ወሲድካ ትፈልጥ'ዶ?

ዘለዉ ዕድላት ውላድካ ቕድም ክብል ነቲ ክታበት ምውሳድ እሞ እቲ ዝፍጠር ጸገም ከቢድ ክኸውን ኣይኽእልን ይኸውን።

ብዛዕባ COVID-19 ክታበት እንታይ ከምዝፈልጡ ሓቕነት ብዘለዎን ገለጻን ብዕድመ ተመጣጣኒ ብዝኾነ መገዲ ግልጺ ንምግባር ምፍታን እዩ።

ኣስተውእሉ፡ ናይ ሕጻውንቲ ስሚዒት ምትንካፍ ዝመጽእ ካብ ጐርዞታት ከምዝኾነ ስለዙይ ንዘለኻ ፍርሓት ንሕጻውንቲ ምስታፍ ጽቡቕ ትሕዝቶ ስለዘይኸውን እሞ ሕጻውንቲ ዘይምቹው ስሚዒት ከህድረሎም ይኽእል እዩ።

ሓኪም ወይኻዓ ናይ ሓለዋ ጥዕና ሰበሞያ ንውላድኻ ሓደሓደ ሕቶታት ከምዝሓቱ፤ እዚ'ውን ኣብ ውላድኻ ኰርናዕ ኢድ (ዕድሚኡ ካብ 6 ኣዋርሒ ክሳዕ ትሕቲ 5 ዓመት ንዝኾኑ'ድማ ኣብ እግሪ) መርፍእ ከምዝውጋዕን ብድሕሪኡ ቀ'ሩብ ቃንዛ ሕመም ከምዘሎ ግልጺ ምግባር። ኣብ ውላድኻ ኰርናዕ ኢድ ውሑድ ዝኾነ ቀ'ሩብ ቃንዛ ሕመም ምፍጣር ዝተለምደ ንምኧኑ ኣፍሊጥካ ምርግጋፅን እሞ እቲ መርፍእ ዝተወገኣሉ ቦታ ምሕማም ማለት እቲ ሕክምና ከምዝሰርሓ መረጋገጺ እዩ።

ውላድኻ ብዛዕባ ክታበት ምውሳድ ዝፈርሕ እንተኾይኑ፤ ብዛዕባ ዘለዎ ስሚዒት ንምጽራይ ንክዛረበካ ምፍታን ወይኻዓ ኣድላይ እንተኾይኑ፤ ካብ ሓኪምካ ዝበለጸ ምኽሪ ምሕታት እዩ።

## ንውላድኻ ሕቶታት መልሲ ምሃብ

ውላድኻ ክነብሮ ንዝኽእል ዝኾነ ሕቶታት ከም ውላድ-መሓዛ ምኧን መልሲ ንምሃብ ድሉዊ ምኧን። በዚ ኣዘራርባ ክሕጉዙ ዝኽእሉ ሓደሓደ ቐንዲ ዝኾኑ ሕቶታትን መልሲታት በዚ ተዳልዩ ኣሎ:

ትኽኽለኛ ዝኾኑ ኣብነታት ምጥቃም፤ ከም ናይ ቆልዓ ኣቦ/ኣዶ ሓጎታት ምክልኻል ከምኡ'ውን እዚ ሓጋዚ መሲሉ እንተር ኢ እኻዮ ብቐጻልነት ናብ ቤት ትምህርቲን ናብ ጉጅለ ስፖርቲ ምስታፍ ዘኣመሰሉ ነገራት ምቕጻል ከምዝኻኣል ምግባር እዩ።

ኣውስትራሊያ ውሽጢ ናይ ኩሎም ክታበታት ድሕንነት ዝተሃለወ ንምኧኑ ንምርግጋፅ ብድርጂታት ኣቢሉ ሙሉእ ብሙሉእ መርመራ ተኻይዱሉ እዩ። ድሕንነቶም ዘይተሃለዎ እንተኾይኑ ንሰባት ክውሃብ ኣይኻኣልን ኔሩ።

ውላድኻ መርፍእ ክውጋዕ እንከሎ ዝፈርሕ እንተኾይኑ፤ ነዚ ጽቡቕ ምድላው ምግባርን ንናይ ምሽቓል ተክኒክ ሜላታት ምንዳፍ ኣገዳሲ እዩ።

ዕድሚኦም 5 ዓመትን ካብዚ ንላዕሊ ዝኾኑ ሕጻውንቲ እዚ ንውላድኻ ኣብ ንእሽቶ ስፍራ ወይኻዓ ብጣዕሚ ዝፈልጦ ቦታ፤ ማለት ኣብ ከባቢ ፋርማሲ ወይኻዓ ሓፈሻዊ ሓኪም ምኻድ ክሕግዞ ይኽእል እዩ። ብዙሕ መጠን ክታበት ኣብ ዝውሃበሉ ቦታታት ከቢድ ድምጺን ኣብ ብዙሕ ሥራሕ ብዘለዎ ቦታ ናይ ምሽቓል ጸገም ክውስኽ ከምዝኽእል እዩ።

ውላድካ ንዝፈትዎ ባንቡላታት ወይኻዓ መጽሓፍቲ ሂዝኻ ብምምጻእ ንዝፍጠር ኣወንታዊ ዝኾነ ተመኲሮን ቐልቢ ንምፍጣር እዩ።

ውላድኻ መርፍእ ክውጋዕ እንከሎ ዝፈርሕ እንተኾይኑ፤ ቕድም ኢልካ ንናትኻ ክታበት መዳለዊ ኣፍልጦ እሞ ነዚ ክተዳልው ዘኽእለካ እኹል ግዘ ከምዝነብርን ናይ ከይዲ ኣሰራርሓ ብቑልጡፍ ሽኩልካ ወይኻዓ ብምግዳድ ከይኸውን ንምርግጋፅ ይኻኣል።

ብዝበለጸ መረዳእታ እንተደሊኻ ንናይ Department of Health and Aged Care ወብሳይቲ ኣብ ድረገወጺ www.health.gov.au ኣትኻ ብዛዕባ ክታበት ተወሳኺ መረዳእታ ክትረኽብ ትኽእል።

ከምኡ'ውን ንናይ National Coronavirus ከምኡ'ውን COVID-19 Vaccine Helpline ብስልኪ **1800 020 080** ምድዋል ትኽእል። ንናጻ ኣስተርጓማይ ኣገልግሎታት ንቑፅሪ 8 ምጽቓጥ።

ጸማም ወይ ናይ ምስማእን ምዝራብ ጸገም እንተሃልዩካ ንሃገራዊ ምቕብባል ኣገልግሎት/National Relay Service ብስልኪ **133 677** ጌርካ ምድዋል ትኽእል።